# ምዕሩግ በዓል ናጽነት ኣብ ከተማ ሎንዶን።

ብቐዳም ዕለት 24 ግንቦት 2008 ዓ-ም ብኣወሃሃዲት ሽማግለ ተቓወምቲ ሓይልታትን በርጌሳዊ ማሕበርን ኣብ ዓባይ-ብሪጣንያ ዝተዳለወ ጽምብል በዓ ል ናጽነት ኤርትራ ብምዕሩግ ኣገባብ ተባዒሉ።





ኣብ'ዚ ካብ ስዓት 18፡00 ክሳብ ስዓት 23፡00 ናይ ምሸት ዝተኻየደ ጽምብል በዓል ናጽነት፣ “24 ግንቦት ንዘላኣለም ከቢራ ትንበር” “ናጽነትና ህያብ ንጹሃት ስውኣትና” ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖታት ንመጀመርታ ጊዜ ብብዝሒ ተሳተፍቱን ድምቀቱን ፍልይ ዝበለ ምሸት ኣብ ልዕሊ ምምባሩ ዝተፈላለዩ ላዕለዎት መራሕቲ ውድባትን ኣባላትን ከምኡ'ውን ኣባላት በርጌሳውያን ማሕበራትን ገዳይም ተቓለስቲ ዓበይቲ ዓድን ሙሁራትን ናይ ሚዲያ ትካላትን ተረኺቦም ዝያዳ ድምቀት ሂቦሞ ኣምሲዮም።





ኣብዚ ዝተጠቕሰ ዕለት ካብ ስዓት 18፡00 ናይ ምሸት ብኣወሃሃዲት ሽማግለ ተቓወምቲ ሓይልታትን በርጌሳዊ ማሕበርን ኣብ ዓባይ-ብሪጣንያ ዝተዳለወ ናይ ድራር መደብ ኢዩ ተጀሚሩ። ኩሉ ዕዱም ክኣ መግቡን መስትኡን እናተቛደሰ ብስኒት ነንሓድሕዱ ከዕልልን ብጉዳይ ሃገር ኣልዒሉ ኢሂን ምሂን ኢሉ ክዝትን ክሳብ ስዓት 20፡00 ድሕሪ ምጽናሕ ብድሕሪኡ ቃል በዓል ናጽነት ብኣዳለውቲ እቲ መደብ ብቛንቛታት ትግርኛን ዓረብኛን ድሕሪ ምቕራብ ናብ ዕሙር ባህላዊ ጸወታ ተሰጋጊሩ። ብኡ-መጠን ክኣ ኩሉ ዕዱም ብናይ ዝተፈላለዩ ብሄራትና ሳዕሲዒት ክልህ ኣምሲዩ።



 

**ምስ እዚ ብዝተኣሳሰር ኣብ መንጎ እቲ ዕሙር ጓይላ ንጽንብል በዓል ናጽነት ዝምልከቱ ዝተፈላለዩ ግጥምታት ብቋንቋታት ትግርኛን ዓረብኛን ቀሪቦም ድምቀት ሂበሞ። ኣብ መደምደምታ ክኣ ተሳተፍቲ እዚ ክቡር በዓ ል ናጽነት እቲ ዝተመደበሎም ጊዜ ስለዝኣኸለ ልክዕ ስዓት 23፡00 ናይ ምሸት ዛዚሞም ብሰላም ነንገዝኦም ተፋንዮም።**

**ኣወሃሃዲት ሽማግለ ተቓወምቲ ሓይልታትን**
**በርጌሳዊ ማሕበርን ኣብ ዓባይ-ብሪጣንያ።**
**25 ግንቦት 2008።**